# ኤሪትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ

ደቂሰብ ባዕሎም ንባዕሎም ክመሓደሩ ምስ ዘይከእሉ፣ ሓቐኛ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን፣ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ጸጋ ክጥቀሙ ምጣኔ ሃብታዊ ትሕዝቶኦም ከረጋግጹ፡ ሕብረተሰባዊ መሰሎም ከስተምቕሩ፡ ሰብኣዊ መሰሎም ክጥቐሙሉ ይክእሉን ፡ እቲ ምንታይ እቲ ዘመሓድር ዘሎ ማኺ ስርዓት ኣብ ሓደጋ ከምዝሰጣሕ ኣንዳዕዲዑ ስለዝፈልጥን ስለዘሾቕርሮን ከምርኹስ መንፈስ ዝተስቕሎ ሕጊ ክበሃል ከሎ ይብርግግን የዕገርግርን ። ስለዝኾነ ድማ ጃምላዊ ማእሰርቲ ፣ ፍሉይ መቕጻዕቲ ፣ ብኩራት ሕጋዊ ውሕስነትን ኢሰብኣዊ ግፍዕን ማሳነ ይታ ጥልመት ሰብኣዊ መንነት ይኾኑ።

ከምቲ ግቡእን እቲ ክኾኖ ዘለዎን ወዲሰብ መሰሉዩ ብዘይ ተጽዕኖ ወጻኢ ደራኺ፣ ድላዩ ክብል፣ ድላዩ ክኣምንን ክውስንን እዚ ኸኣ ባዕሉ ንባዕሉ ድኣንበር እዚ በል እዚ ግበር ተባሂሉ ዝድገም ቀስቢ ኣይኮነን። ኣብ ሃገርና ኤርትራ ወትሃደራዊ ስርዓት ክዕንድር ንሪኢ፣ እዚ ዕንደራዚ፡ ግዝኣተ ሕጊ ዘይውንን፡ ቀይዲ ዘይብሉ ፊን ዘበሎ ዝገብር ምኻኑ ንኹሉ ከም ጽሓይ ቀትሪ ብሩህ ኢዩ። ፖለቲካዊ ነጻነት ብምኽላእ ድማ ብወትሃደራዊ ቤትፍርዲ ከም ድላዩ ይርሽን፡ ይኣስር፡ የደስክል፡ ይጽንጽል፡ ይቕንጽል፣ እዚ ተግባራትዚ ድማ ብኣጋጣሚ ዘይኮነስ ኣብ ጊዜ ገድሊውን እንተኾነ ኣስተርሕዩ ዝላደየሉ እኩይ ተመክሮ ኢዩ። ሎሚውን ከምቲ ናይ ትማሊኡ፡ ኮነ ኢልካ ስልጣን መናውሒ እንዳድሃልካን ኣፈራራህካን ህዝባዊ ስልጣን መንዚዕካ፡ ህዝቢ ከይሚጸካ፡ ነቲ ብኢደ ወነንካ ሒዝካዮ ዘሎኻ ስልጣን

ሓደ ከይቀርበኒ ምባል’ዩ። ስለዝኾነ ድማንማሳልካ ብፍቶት፣ ብሰላም፣ ብጽገና ክረኽቦየ ምባል ኣጉል ትምኒት ጥራሕ ዘይኮነስ ዘይጭበጥ ሕልሚ’ዩ። ስለዝኾነ ድማ ንማሳልካ ክምጽወተልካ ምጽባይ ልሙስነ ትዩ ዘስምዕ።

ኣተሃላልዋ ደንበ ተቓውሞምስ እንሪኢ ACTIVE & PASSIVE ወይ’ውን VIOLENT & NON VIOLENT ተቃውሞዝወነ ነ ኢዩ። ብውሕልነት ድማኩሉ ሓቆፍ ኮይኑ ብዘይፈለያ ኩሉ ተበግሶ ናይ ምቅዋም ስለዘበርክት ከከምቲ ክኾኖ ዘለዎዩ ዝምክት፣ ይኹን’በር ከምዕድሚኡ ከምቲ ዝድለ ተግባራዊ ውጽኢት ከርኢ ኣይተራእየን ፣ እቲምንታይሲ ውዑይን ዝሑልን ሓዋዊስካ ፉሕታ ናይ ቃልሲ ስለዘይተመዝግብ። ክስሓት ዘይብሉ ሓቒ ግን ኣሎ፣ ንሱ ድማ ኤሪትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ዘይተራእየ ዓወታት ኣመዝጊቡዩ፡ -ሽግራትካ ብዘተ ምፍታሕ፣ ኣብ ጣውላ ኮፍ ኢልካ ምርድዳእ። ቦታ ኩናትሓድሕድ ዝነበረ።

-ሰላማዊ ምስግጋር ስልጣን ። ኣብ ክንዲ ብውልቀ መላኺ ምምላኽ።

-ርእይቶ ብዙሓት ምቕብባል። ኣብ ክንዲ ኣነ ዝበልክኹም ግበሩ።

**-ብዓቢኡ ድማ ሕጂ ኤሪትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ብተሳትፎ ኩለን ኤሪትራዊ ሲቪካውያን ማሕበራትን፡ (በርገሳዊያን ትካላትን) ሜራሕቲ ሃይማኖትን፡ ምሁራትን፡ ግዱሳት ውልቀሰባትን፡ ደቀንስቲዮን፡ ተቀበልቲ ሕድሪ ማንእሰያትን፡ ኣብውሽጢኪዳን ዝተጠርነፉን ካብኪዳን ወጻኢ**

**ዘለዉውድባትን ክገብር ይሸባሸብ ኣሎ። እዚ ድማ ግዝኣተ ሕጊ ንምውናን ኢዩ። ኣብ ሃገር ሕጊ ቦኺሩ ስለዘሎ።**

## <u>ኤሪትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ</u>

## <u>ኣብ ወርሒ ሓምለ ክጋባእ ኢዩ፡</u>

## <u>ንኹሉ ደላይ ሰላም ህዝቢ ኤርትራ ድማ</u>

## <u>ሃገርን ህዝብን ንምድሓን</u>

## <u>ይዕድም።</u>

ኦ! ክቡር ህዝቢ ኤርትራ ካብ ምብራቕ ክሳብ ምዕራብ ብስደትን ዳግማስደትን ከርተት ትብል ዘሎኻ፣ ብእምን ት ምኑዳልን ምጥርጣርን፡ ብስክፍታን ሽቕረራን፡ ፈሊጥካ ከም ዘይፈለጥካ፡ ሪኢኻ ከምዘይራኣኻ፡ ሰሚዕካ ከምዘይሰማዕካ፣ ይን ኣስ ይዕበ ሽግራት ህዝብኻ ሸለል እንዳበልካ ‘’ትነብር’’ ዘሎኻ። ሃገርን ህዝብን ንምድሓን ሰፊሕ ኤሪትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ይካየድ ኣሎሞ፣ ኣታ ብዓል ሕልና ዓቕምኻ ከተበርክት ትዕደም።

ኦ! ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡ ሃገርና ኤርትራ ቅድሚ ምቓምማግና ካርታና ይባዕላ ሕግታት ዝነበራ ሃገር፡ ሕጂ ብዘይ ሕጊ ፎሎ ክትከይድ ዘፍቕድ ኤርትራዊ ዘሎ ኣይመስለናን፡ ንብኩራት ሕጊ ኣብ ኤርትራ ምርኩስ ብምግባር ድማሕጊ ክህልወና ዋዕላ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ከምኩሉ ወዲሃገር ትዕደም። ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ እቲ ንነዊሕ ዓመታት ላሕ ከብለና ዝጸንሐ ዘየድሊ ምፍልላያት፡ ብሓሊዮትን ተወፋይነትን፡ ብኒሕን ጽንዓትን

ግዱሳት ኤሪትራውያን ውድባትን ሲቪክ ማሕበራትን፣ ብሓፈሻ፡ ግደ ኩሉ ግዱስ ኤሪትራዊ ድማብፍላይ ኣብዚ ደረጃ’ዚ በጺሕና ሎና።

ንምዝካር ዝኣክል ኣብ ኤርትራ ብዙሓት ዓሌታትን ኣውራጃታትን በብሕጎምን ስርዓቶምን ዝነ ባበሩ ኣብ ጊዜ ህግደፍ ክዝርዑ ዘጉሂ ኢዩ።

ንኹላትና ኣቦታትና ዘጽንሑልና ዘሐብንን ዘሐጉስን ዝነ በረ ሕግታትና ንምዝካር

ዝኣክል እንሆ! ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ ...........

1.ስርዓት ኣድግና፡ ተገለባ።

2.ስርዓት ኣድከሜ ምልጋእ።

3.ሕግ፡ ናይ፡ ሎጎን፡ ጨዋን ኣብ ዋዕላ ማይለሓምብ1910 ዝተሓደሰ።

4ስርዓት፡ ሎጎ፡ ጨዋ 1935።

5.ሕጊ ሰሓርትን፡ ላምዛን፡ ወቐርቲን፡ ዳምባን።

6. ስርዓት፡ ናይ ሀብስሉስ፣ ናይ ገብረክርስቶስ፣ ናይ **ደቀተሸም**።

7. ስርዓት ካርነሸም። ኣብ ሕርም ዛግር፡ ኮይኖምዝሰርዕዎን ዝሓገግዎን።

8. ዋዕላ፡ ሾብዓተ ዓንሰባ፡ ዘማት ታሕታይ።

9. ክልኢ መንሳዕ፡

ድግም፡ ዎፍትሕ፡ ወዓዶታት

ምን ኣወሉእ ብሂጋ ትግሬ።

እዚ ሕግታት'ዚ ስለዝጠፍአ፣ ብዘይሕጊ ጤልጤል ኢልና ስለዘሎና ኢና ዋዕላ ንጽውዕ ዘሎና።

ንብል ኣሎና

ኣፍና ሜዕጾ ኣእምሮና፣

ቃልና፡ መፍትሕ፡ ልብና፣

ሰላምዎሰናይ ክኾነልና

ጥንቃቐ ንረብሓ ኩልና፣

እታ ሞርሖ፡ ትርሖ

ሰብ ዋዕላ ኣትዩ ይምረጽ ዝሞርሖ፡

ሜክት ንሰላምንፍትሒ

ምሳኻ'ሎ መፍትሒ

ተወከሊ ታሪኽ ስርሒ

ኣቓልዒ ጉርሒሽርሒ

ነፍሲ ወከፍና ነድምቕ

ብሩህ ሜጻኢ ክበርቕ

ኣስምር ንብል ኣሎና ንሓድነትና

ምስ ዝህሉ ርእይቶ፡ ለበዋ፡ ተቓውሞ ለኣኹልና ኣብ ቃልና ንጽናዕ፡ ምባልን ምትግባርን ፈላሊና ንፍለጦ። ተወከስ! ተወከሊ! ብእትደልዮ……..ምስ ኣንበብካ/ኪ

ብኢመይል--------------------

ብቮይስ መይል------------------

ብተለፎን----------------------

ክሳብ ኣብ ቀረባ ሓፈሻዊ ኣኼባ ንጽወዕ ኣብ ርክብ። ብ.ጴጥሮስ ተኽሉ፡ (ሓላዪ)

ክፍሊ ሜጽናዕቲን ምርምርን ናይ ኤሪትራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ።